# ** ልግሲ መስከረም **

ገዓት ሓምሊ ውጻእ ገዓት ጠስሚ እቶ
ቆፎና ብህጡር ቀውዒ ካዕበት  ዝጓረቶ
ገልገለ መስቀለ ብዕምባባታት ሞሮር ዘጌጸ
ኣናህብ ከምዕሩ ክዓስሉ ኣብ ምጽምጻ

የዕዋፍ እና ዘመራ

ቀለበን ክምእርራ
ኣብታይ ክዕንድራ ከብቲ እምባሕ ክብላ

ህያብ መስከረም  ህውብቶ ሰናይ ኣዝማሪ

እቲ ጻዕራም ደፋእ ድንኩል

ጻምኡ ሓፊሱ ቀለብ ዓመቱ ከዋህልል

ልግሲ መስከረም  ጀባእ ክትብሎ ጻማ ድኻሙ

ሳላ መስከረም  እዩ ሰላም ቅሳነት ጽጋብ ለሚሙ

ንዓና ውን እዛ መስከረም ፍሉይ እዩ ህያባ
ኪነው ለሰታት ኪነው ውቃበ ስሉም፡ዕንባባ

ሃገር እያ ኣፍርያትልና ልግሲ ህያብ ናጽነት
መዋእለ ስቓይና መዋእለ ግብታ ዘጽሓየት

እያድ ዓዋተ ቁልዒ ኣዳል
ረመጽ ፈጢራ ስውራዊ ነበልባል
ዓኾኺይ ዓኾኺይ ባርነት ከኸትም
ህያብ መስከረም እያ መሬት እዛ ሪም

በረኻታት ባርካ ብቑንጣሮ ዓቕሚ
ብውሑድ ቁጽሪ ዝፈለመ ገድሊ

መሰረት ህዝባዊ  ሃገር ዝፈጠረ
ሳላ መስከረም እዩ ናይ ኣዳል ፍረ

ብኣቡ ዓሸራ ጀበርና ምስ ምሉእ ኒሕ

ዓርሞሾሽ  ሓይሊ ዘቕሃመ   ትኣምር ዝሰርሕ
ተስፋ ናጽነት ካብ ግብ ዝበለ ገሃነበ ሲኦል
ህያብ ናጽነት መስከረም ዝወልዐት ገምበል

ድርኩኺት በሪ ዘርሓወት ባብ ናጽነት
ንህትፍትፍ ባርነት ንምዕራብ ንሓዋሩ ዘህተፈት
እያድ መስከረም እያ ቀንዴል ብርሃን ሎሚ
ሳላ እዛ ረዛን ዕለት ብዓልቲ ውዕለት ትማሊ



ዋሕዚ ናይቲ  በጽሒ ፍቕሪ ሃገር ዘንደዶ
ሕልሚ ዓወተ ከብጽሕ ናብ ራኢ ግህዶ
ጸምጸም በረኻ ምስ ሃድን ዕስለ ጻላኢ

ሳላ መስከረም በቕዕና  ራህዋ ሎሚ ክንርኢ

ኣብ ዕሩቕ ዝባን ምስ ሕሉግ ከብዲ
ቀራዕታ ጽምኢ ኣሳሓይታ ቀዝሒ ገብኢ
ተስፋ ናጽነት ተዓንጊሉ ዝፈለመ ሰውራ
ያሒት ኣውዳል ዝገጠመ ንስለ ሎሚ ኤርትራ

ምስ ሺሾ ሰራዊት ክሳብ ዓንቀር ዝዓጠቐ
ዓርሞሾሽ ዘልመሰ ጸሓይ ናጽነት ዘብረቐ
ሳላ እዛ ክብርቲ ዕለት ህያብ መስከረም
ሳላ ልግሳ እዩ ተሰሪዕና ሎሚ ምስ ዓለም

እቲ ናይ ትማሊ

ቀንጣሮ ዓቕሚ

ሽዲኑ  ዝዓንተረ  ሎሚ

ሳላ  ፈልሲ መስከረም ናይ ፈለማ እጉሚ

ሃገር ከተስተርሑ ጋሕጋሕ  ዝወፈረ  በጽሒ

ፋርስ ዓዋተ ዝተለሞ  ቃድራ ስቡሕ ነግሒ
ምህርቱ ሰሲኑ ካዕበት ፍረ ሓፊሱ

ሳላ  ቡቕሊ መስከረም  እንሆ ነጊሱ

እንሆ ሎሚ ዘመናዊ ሰራዊት  ኣብ ልእልቲ ኤርትራ

ቢኤም ዝዓጠቐ  ካብ ጓንዴ ኣቡ ዓሸራ

ጎብለል ተጋዳላይ  ሃገር ዘግዘመ

ዋርሳይ ተኪኡ  እንሆ ኣብ ኣሰር ነኺሱ ታሪኽ ዝቐለመ

ሳላ መስከረም

ኣሸናፊ ኣብርሃም (ኣሼ)



ጀርመን